# ቃል ኣሰናዳኢት ሽማግለ ኣብ መዛዘሚ ቀዳማይ ኣኼባኣ

ዝኸበርካ ወኪል መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣቦመንበር ሰክረታርያ ሰንዓ ፎርም
ዝኸበርካ ብጻይ ኦቦመንበር ማእከላይ መሪሕነት ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን
ዝኸበርካ ኣቦ መንበር ፈጻሚት ቤ/ጽሕፈትን ዝኸበርኩም ብጾት ኣባላት ፈጻሚት ቤት ጽሕፈት ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን
ብዝኸበርኩም ብጾት መራሕትን ተወከልትን ፖለቲካዊ ውድባት
ዝኸበርኩም ዕዱማት ኣጋይሽ

ብሽም ኣሰናዳኢ ሽማግለ ንሃገራዊ ዘተን ደሞክራስያዊ ለውጥን ዕዙዝ ሰላምታ እንዳ ኣቕረብኩ ብምኽንያት መዕጸዊ ባዓል ስራሓት ቀዳማይ ኣኼባ ኣሰናዳኢት ሽማግለን ምጅማር ስራሓታ ኣብዚ ብምርካብኩም የመስግን።

ዝኸበርኩም ዕዱማት፡
ኣብ ዕለት 16 ለካቲት ኣብዚ ኣዳራሽዚ ተራኺብና ኤርና ኣዔንትና ኣብ ጉዕዞ ምግባእ ሃገራዊ ዋዕላ ንዘተን ንደሞክራስያዊ ለውጢ ቀዳማይ ስጉምቲ ንምስጓም ብመሰረት ውስኔ ስሙር ሓድነታዊ ጉባኤ ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን ኣብ 2008 ብተግባር ማእከላይ መሪሕነትን ፈጻሚት ቤት ጽሕፈትን ኣብ ዝሓለፈ ዙር ከም ዘስመርሉ ኮይኑ ከምም እስትራተጅካዊ ዕላማ ንተረጋጊጹ ዘሎ ሓድነት ኤርትራውኦ ደሞክራስያዊ ኪዳን ንምውሓስን ንዝበለጸ ናይ ገድልና መድረኽ ኣብ ኣከናውና ንጥፈታትን ንምምስራት ኣብ ጎደና ምርግጋጽ ደሞክራስያዊ ለውጢ ኣብ ሃገርና።ከምኡ እዩ ኔይሩ ትጽቢትና ኣብ ምብዓል ብምኽንያት ምጅማር ኣኼባ ኣሰናዳኢት ሽማግለ ከምኡውን ኣብ መንጎ ኣባላት ኣሰናዳኢት ሽማግለ ዋዕላ ትጽቢት ኔይርዎም ኮይኑ ምምስራታ ድማ ኣብ ፖለቲካውን ሃገራውን ተሞክሮታት ባዕሉ ኣድራሻ ንሓድሽ መድረኽ እዩ።ንሳ ድማ ናይ ብሓቂ ሽርክነት ኣብ መንጎ ክልተ ተቓወምቲ ኤርትራዊ ኣከዋውና ዝሓቖፈት እያ፡ ንሳቶም ድማ ፖለቲካዊ ውድባትን ስቪካዊ ማሕበራትን ቀጥታ ኣብ ናይ ስራሕ ዓውደ ተግባር ዘሳተፈት ኮይና ክብደት ናይቲ ሓላፍነት ዕማማትን ዘንጸባርቕን ኩሎም ኣባላታ ኣብ ኣኼባታታ ርእይቶኦም ንኸቅርቡ ዘተባብዕን ናብ መደምደታ ንክበጽሑ ኣኽኢሉዎም። እዚ ድማ ብተገዳስነትን ብጽንዓትን ዘለዎ መንፈስ ብዝሓሸ መልክዑ ንኽቕርቡን ዕማማታ ኣብ ዝመጹ መዓልታት ብቐሊል ንኽሰላሰሉን እዩ ነይሩ። ሎሚውን ከም ብሓድሽ ክንራኸብ ከለና ንሳ ዘረጋገጸቶ ስርሓት ንምትንታን ጥራሕ ዘይ ኮነ ናብ ሽትኡ ድማ ንምብጻሕ ሓቢርና ደጊምና ቃል ንኣቱ ንሱ ድማ ምግባእ ሃገራዊ ዋዕላ ንዘተን ንደሞክራስያዊ ለውጥን እዩ።

ዝኸበርኩም ዕዱማት፡
ንሾመንተ መዓልትታት ካብ ዕለት 16–23 ለካቲት ዘሎ ግዜ ኣሰናዳኢ ሽማግለ ተኸታታሊ ቀጻሊ ኣኼባታት ኣካይዳ። ኣኼባ ብምምሕዳራዊ ኣካል ብምቛምን መደብ ስራሓታ ናታ ሓላፍነትን ውሽጣዊ መምርሕን ናይ ዕማማ ስእልን ብምንዳፍ ጀሚራቶ፡ ድሕሪኡ ድማ ኣብ ምውህሃድ ስራሓታ ብመንገዲ ንኡሳን ሽማግለታት ትልምታትን መደባት ንኽሰርዓ ኮይነን ኣብ መዛዘሚ መዓልቲ እዞም ዝስዕቡ ወሲና፡-

ሀ. ምቛም ሰክረታርያ ኣቦ መንበርን ምክትልን ዋና ጸሓፍን ኣቦ መንበራት ኣርባዕተ ሽማግለታት ዝሓዘት ንሳቶም ድማ፡
1. ሽማግለ ምርምርን ምድላው ሰነዳት፡
2. ሽማግለ ውደባን ኣገልግሎትን፡
3. ናይ ዜና ሽማግለ፡
4. ፋይናንሳዊ ሽማግለ፡

ብተወሳኺ ድማ ሓደ ተቖጻጻሪ ገንዘብ ኣብ ቅድሚ ኣሰናዳኢት ሽማግለ ብሓላፍነት ዝሕተት ተመዚዙ።

ለ. ኣብ ላዕሊ ተጠቒሶም ዘለዉ ሽማግለታት ናይ ስራሓቶም መድባትን ትልምታትን ሰሪዔን ብዕለት 23 ለካቲት 2010 ዝተኻተደ ናይ መዕጸዊ ኣኼባ ጸዲቑ።

ሐ. ብመሰረት ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ኣሰናዳኢ ሽማግለ ዋዕላ ኣብ ዕለት 30 ሓምለ 2010 ንክጋባእ ወሲኑ።

ኩቡራት ዕዱማትና፡
ምጅማር ኣሰናዳኢት ሽማግለ ሓደ ካብቶም ንዓቕምና ዝፍትኑ ብድሆታት ኣብ ላዕሊ ጠቒስናዮ ዘሎና ንምስልሳል ኣኼባታት ኣሰናዳኣኢት ሽማግለ ይኹን እምበር እቲ ጉዳይ ሸትኡ ንኽወቅዕ ሓፈሻዊ ጻዕርታት የድውልዮ እቲ ዋዕላ ኣብቲ ዝተወሰነሉ ግዜ ንኽጋባእ ነዛ ኣሰናኢት ሽማግለ ምትሕብባራ ካብ ኩሉ ፖለቲካዊ ሓይታትን ስቪክ ማሕበራትን ሃገራውያን ውልቀ ሰባትን ምሁራንን መራሕቲ ሃይማኖትን ምዝኽኻር ዘድልዮ ኣይመስለናን፡ ከምቲ ኣቃውማ ኣሰናዳኢ ሽማግለ ሓድሽ ኣጋጣሚ ኣብ ጉዕዞና ነቲ  ዋዕላ ድማ ህዝብና ዝጽበዮ ዘሎ ንምስግጋር ናብ ዝለዓለ መድረኽ ኮይኑ ህዝብና ካብ ቀጻሊ ጭቆና ንኣስታት 20 ዓመታት ዝተሳቐየን ብሓደ ወገን ኮይኑ በቲ ካልእ ሸነኻቱ ድማ እቲ ንነዊሕ ግዜ ድልየታቱ ጋህዲ ንምግባር ዝወስዶ ዘሎ ስጉምትታት እዚ ድማ እቲ ዋዕላ ኣድማዒ ናይ ዘተን ስምምዕን ኣገዳሲ ሓፈሻዊ ሃገራዊ ዕማም እዩ፡ እዚ ከኣ ነቲ ፖለቲካዊ ሓይልታት ተቃውሞ ጥራሕ ዘይ ኮነስ ንኩሉ ክፍልታት ሕብረተ-ሰብና እዩ፡ ከምኡውን ሃገርን ነቲ ብጉዕዞ ቓልሲ ህዝብና ዝተረጋገጸ ሃገራዊ መኽሰባትን ንምዕቃብ  ብተወሳኺ ድማ እቲ ዋዕላ  ናይ ህልውን መጻእን ኣገዳስነት ኣብ ቃልስና ንምህናጽ ብቑዋም እትመሓደር ሃገርን ትካላታን ፖለቲካዊ ነጻነትን ምኽባር ሰብኣዊ መሰላት ዝሰፈና ሃገር እዩ። እቲ ብሓደ ኮፍ ምባልን ንጉዳያትካ መፍትሒ ምንዳይን ምልዛብን ምዝታይን ኤርትራዊ ውርሻ ኮይኑ፡ እዚ ኣገባብ እዚ ኣብ ካልኦት ንዓና ዝመስላ ሃገራት ውን ኣድማዕነቱን ጥቅሙን ኣብ ምህናጽ ሃገራት ዝተረጋገጸ እዩ፡ ንምሳሌ ሱዳን ምስ ደቡብን ምብራቕን ከምኡውን ምስ ናይ ምንቅስቓስ ፍትሕን ማዕርነትን ኣብ ደውሓ ቐጠር ዝተገብረ ስምምዕ ሓፈሻዊ ጥቕሚ ሃገርን ህዝብን ኣብ ግምት ብምእታው ኮይኑ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ. ግን ኩሉ ነገራት ብኣሉታ ብምርኣይ ጸሓይ ወትሪ ብኢዱ ክኽውል ይደሊ፡ ተቓውሞ ሓይልታት ኣብ ዓለም ተፈሊጡ ክነሱ ምኽሓዱን ዓጸቦ ንህዝብና ኣጥቂዑ እናሃለወ የለን ምባሉ ስራሕ ኣልቦነትን ዋሕዚ መናሰያትን ናብ ጉረባብቲ ሃገራትን እናተራእየ የለን ምባሉ ሓደ ካብቲ ኣሬሜናዊ ዕላማታቱ እዩ። ስለዚ እቲ እንገብሮ ዋዕላ ነቲ ኩሉ ፍልልያትና ብጉቡእ ኣለሊና ከነመሓድሮ

ዓቕምታትና ምፍታን ማለት እዩ።ጻዕርታትና ድማ ንምህናጽ ብቑዋም እትመሓደር ሃገርን እቲ ደሞክራስያዊ ምርጫና ሎምን ጽባሕን ብተግባር ኩውን ንምግባር እዩ።

ክቡራት ዕዱማትና፡
ጉዕዞና ኣብ መጻኢ ዝሓሸ ኩውንነት ንምርግጋጽ እንሸባሽበሉ ዘሎና እዋን እተን ፈተውቲ ህዝብናን ተቓለስቲ ሓይታቱን ዝኾና ሃገራት ከየሞጉስና ክንሓልፍ ኣይንፈቱን፡ ብቀዳምነት ድማ ህዝብን መንግስትን ፈደራላዊ ደሞክራስያዊት ረፓብሊክ ኢትዮጵያ ነቲ ን ፍትሃዊ ቃልስናን ነቲ ዶብ ሰጊሩ ንኢትዮጵያ ዝውሕዝ ዘሎ ኤርትራዊ ስደተኛ ይኹን ኣብ ካልኦት ሃገራት ዳግም ናብ ኣኣብያተ ማኣሰርቲ ጨቛኒ ስርዓት ንኸይ ምለሱ ዝተቐበለትዮም ስደተኛታት ከማኡ ድማ ንኩሉ ስርሓት ተቓወምቲ ሓይልታት ብምስትንጋዳን ዝለዓለ ምስጋናና ይብጻሓዮም። ከምኡውን ንሃገራት ምትሕብባር ሰንዓ ፎርምን ንቓልስና ዝገብርዎ ደገፍ ነመስግን።

ብምትሕብባር ኩሉ ተቓዋሚ ሓይልታት ክሳብ ምርግጋጽ ደሞክራስያዊ ለውጢ ምኽድሚት ንሰጉም።

ኩሉ ዓቕምታትና ብምውህሃድ  ንባህግታት ህዝብና ግሁድ ዝኾውን ሓይሊ ምፍጣር።

**ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንስዋኣትና**
**ኣሰናዳኢ ሽማግለ ዋዕላ ንደሞክራስያዊለውጢ**
**24/ለካቲት2010**